**Kanton Zürich**
**Bildungsdirektion**
**Volksschulamt**

# ምስግጋር ካብ መባእታ ናብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ

## ሓበሬታ ንወለዲ

ድሕሪ 6ይ ክፍሊ ውላድኩም ካብ መባእታ ናብ ካልኣይ ደረጃ (Sekundarschule) ቤትትምህርቲ (ህዝባዊ ቤትትምህርቲ) ወይ ናብ ጂምናዝየም ይሰግር። እዚ ኣብ ትምህርታዊ ጉዕዞ ውላድኩም ኣገዳሲ ተራ ዘለዎ ስጉምቲ እዩ። ኣብ 6ይ ክፍሊ ምስቶም ዝምልከቶም መማህራን ብምዃን ብጼፋፍ ይውጠንን ይውሰንን።

## መግለጺ ህዝባዊ ቤትትምህርቲ ኣብ ካንቶን ዙሪክ



## ካልኣይ ደረጃ (Sekundarschule) ቤትትምህርቲ ህዝባዊ ቤትትምህርቲ)

እዚ ሰኩንዳርሹለ ዝብሃል ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ከከምቲ ምምሕዳር (ገማይንደ) ኣብ ክልተ (A, B) ወይ ሰለስተ (A, B, C) ክፋላት ዝተመቐለ እዩ። A እቲ ኣዝዩ ብዙሕ ክእለት ዝሓትት ክፋል እዩ። ውላድኩም ኣበየናይ ክፋል ከምዝምሃር (ከምዝምደብ) መማህራን ምሳኻትኩም ኮይኖም ኣብ እዋን ናይ ወለዲ ዝርርብ ይውስኑ። እዚ ውሳኔ ብመሰረት ምሉእ ገምጋም ናይ ውላድኩም ይውሰድ። እዚ ናይ ትምህርቲ ውጽኢታቱ: ናይ ምጽናዕን ምስራሕን ጠባዩ: ማሕበራዊ ክእለቱን ደረጃ ዕብየቱን የጠቓልል። ብዛዕባ ምደባ ናይ ውላድኩም ምስ መማህራንን ምናልባት ውን ምስ ሓላፊ/ት ቤት-ትምህርቲ እንተዘይተሰማሚዕኩም: እቲ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ዝምልከቶ ቤትጽሕፈት ኣለይቲ ቤትትምህርቲ (Schulpflege) ይውስን። ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ሰኩንዳርሹለ: ነቲ ዝተፈላለየ ናይ ተመሃሮ ናይ ምጽናዕ ክእለት ኣብ ግምት ብምእታው: ካብዘን ኣርባዕተ ዓይነት ትምህርትታት (ሳብጀክትታት): ቁጽሪ: ቋንቋ ጀርመን: ፈረንሳይን እንግሊዝን: እንተበዝሐ ሰለስተ ሳብጀክትታት መሪጹ: ንነፍስ ወከፍ ሳብጀክት ኣብ ሰለስተ ናይ ዓቕሚ ደረጃታት ይኸፋፍሎ (I, II, III)። ሓደ ምምሕዳር (ገማይንደ) ከምዚ ዓይነት ምክፍፋል ናይ ክእልት ደረጃታት ከቕርብን ዘይከቕርብን ቤት ጽሕፈት ኣለይቲ ቤትትምህርቲ እዩ ዝውስን። ደረጃ I ካብ ኩሎም ደረጃታት ዝያዳ ዓቕሚ ዝሓትት ደረጃ እዩ። ውላድኩም ብመሰረት ውጽኢታቱ ኣብ ቁጽሪ: ቋንቋ ጀርመን: ፈረንሳይን እንግሊዝን ኣብ ሓደ ካብዞም ደረጃታት ይምደብ። ከከም ውጽኢት ትምህርትን ደረጃ ዕብየትን ናይ ውላድኩም: ክፍሊ ወይ ደረጃ ዓቕሚ ናይ ምቕያር ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ መጀመርታ ዓመት (ኣብ ሻብዓይ ክፍሊ): ክፍሊ ወይ ደረጃ ንምቕያር ሰለስተ ግዜ ዕድል ኣሎ (ኣብ መወዳእታ ሕዳር: ኣብ ፍርቂ ሚያዝያ: ኣብ መወዳእታ ዓመተትምህርቲ)። ኣብተን ዝቕጽላ ዓመተትምህርትታት ድማ እቲ ናይ ምቕያር ዕድል ክለተ ግዜ እዩ (ኣብ መወዳእታ ጥርን ኣብ መወዳእታ ዓመተትምህርትን)። ከም ንቡር መማህራን እዮም ከምዚ ዓይነት ናይ ምቕያር ሕቶ ዘቕርቡ። ግን እስኻትኩም ውን ከም ወለዲ ሕቶ ናይ ምቕያር ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ውሳኔ ናይ ምቕያር መማህራን ከም ወለዲ ምሳኻትኩም ኮይኖም እዮም ዝወስድዎ። መማህራንን ወለድን ምስዘይሰማምዑ ቤትጽሕፈት ኣለይቲ ቤትትምህርቲ ይውስን።

# መስርሕ ምስግጋር ናብ ካልኣይ ደረጃ ከምዚ ክመስል ይኽእል




1. ኣብ ቀዳማይ ወይ ካልኣይ ርብዒ ዓመት ናይ ሻድሻይ ክፍሊ ናይ መበእታ ቤትትምህርቲ
ቤትትምህርቲ ብዛዕባ ሰርዓትን ኣገባብን ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርትቲ (Sekundarschule): እንታይ ዓይነት ክፋላትን ናይ ዓቕሚ ደርጃታትን ከምዘሎ ንወለዲ ይሕብሮም። ብዛዕባ እቲ ኣብ ቤትምህርቲ ጂምናዝየም ዝካየድ ናይ ሓበሬታ ምሸት ይሕብር።

2. ፍርቂ ለካቲት
ሓላፊ/ት ክፍሊ ምስ ወለዲ ንመጻኢ ጉዕዞ ናይ ውላዶምን ህሉው ደረጅኡን ዝምልከት ዝርርብ የ/ተካይድ።

3. ክሳብ መወዳእታ መጋቢት
ወለዲ ውላዶም ኣበየናይ ክፍሊ/ደረጃ ክምደብ ከምዝሓይሽ ይሕበሩ (ለበዋ ናይ መምህር): ምስቲ/ታ መምህር ውን ውላዶም ዝሳተፈሉ ዝርርብ የካይዱ። ኩሎም ምስዝሰማምዑ: እቲ ምደባ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ (Sekundarschule) ይጸድቕ። ብወግዓዊ መንገዲ ውን ብጽሑፍ ይሕበር።

4. ኣብ ሚያዝያ
ምስምማዕ ምስዘይህሉ ምስ ሓላፊ ክፍሊ: ሓደ ኣባል ካብ ሓለፍቲ ቤት-ትምህርትን ምምህር ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርትን ((Sekundarschule): ካልኣይ ዝርርብ ይካየድ። ኩሎም ምስዝሰማምዑ: እቲ ምደባ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ (Sekundarschule) ይጸድቕ። ስምምዕ ምስዘይህሉ እቲ ጉዳይ ናብ ቤትጽሕፈት ኣለይቲ ቤትትምህርቲ (Schulpflege) ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ይመሓላለፍ። እዚ ቤትጽሕፈት ናይ መወዳእታ ውሳኔ ይወስድ።

5. ጉንበት/ሰነ
ሕጋዊ ምስማዕ ድሕሪ ምክያድ ቤትጽሕፈት ኣለይቲ ቤትትምህርቲ ናይ ምደባ ውሳኔ ይወስድ። ወለዲ እንተዘይተቐቢሎሞ ኣንጻር እዚ ውሳኔ ይግባይ ክብሉ ይኽእሉ።

## ጂምናዝየም (Mittelschule)

ውላድኩም ካብቶም ኣዝዩ ልዑል ውጽኢታት ዘምጽኡ ተመሃሮ ምስዝኾውን: ድሕሪ 6ይ ክፍሊ ናብ ጂምናዝየም (Mittelschule) ክኸይድ ይኽእል። ንውላድኩም ክሳብ 10 ለካቲት (ንጂምናዝየም ናይ ስነጥበብን ስፖርትን ክሳብ ዕለት 15 ጥሪ) ኣብቲ ዝመረጽኩሞ ጂምናዝየም ክተመዝግብዎ ይግባእ። ውላድኩም ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ ናብ ማትሪክ ዝመርሑ መገድታት ትምህርቲ ይመርጽ። ነቲ ሃገራዊ መሰጋገሪ ፈተና ክሓልፎ ኣለዎ። ኣብ ህዝባዊ መባእታቤትምህርቲ ዝነበሩ ነጥብታት ተራ ኣለዎም። እዚ ማለት ኣብ 6ይ ፍክሊ ዘምጽኦም ገምጋም ነጥብታት ናይ ቋንቃ ጀርመንን ቁጽርን እዩ። ውላድኩም ኣብተን ሽድሽተ ክፍልታት ናይ መባእታ ቤትትምህርቲ ናይ ዙሪክ: ክሳብ እቲ ናይ ፈተና እዋን ብዘጥረዮ ፍልጠትን ክእለትን ይፍተን።

## ንወለዲ መን ሓበሬታ ክህቦም ይኽእል፤

ከም ወለዲ ኩልጊዜ መጀመርታ ንናይ ውላድኩም መምህር ተወከሱዎ/ዋ። ምምሕዳራት ቤት-ትምህርቲ (ገማይንደታት) መርበብ ሓበሪታ (ወብስይት) ኣለዎም። ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ናተን ድሕረ ገጽን መርበብ ሓበሬታን ብዙሕ ሓበሬታ ቀሪበናልኩም ኣለዋ።

## ተወሳኺ ሓበሬታታት

### ንካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ (Sekundarschule) ዝምልከት

ኣብ መርበብ ሓበሬታ (ወብሳይት) ናይ ቤትጽሕፈት ህዝባዊ ቤትትምህርትን (Volksschulamt) ናይ ክፍሊ ትምህርትን (Bildungsdirektion):-

www.zh.ch/volksschule → Sekundarschule

www.zh.ch/bildungsdirektion

ፍሉይ ቀረብ ናይ ሓገዝን ድፍኢትን

www.zh.ch/volksschule → Besonderer Bildungsbedarf

### ንምስግጋር ናብ ጂምናዝየም ዝምልከት

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ቤትጽሕፈት ማእከላይን ሞያዊ ትምህርትን (Mittelschul- und Berufsbildungsamt):

www.zh.ch/mba

ንምዝገባ ናብ ጂምናዝየምን ካልኦት ማእከሎት ቤትትምህርትታትን (Mittelschulen) ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታን ድሕረ ገጽን ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ንምዝገባን መስጋገሪ ፈተናን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ:-

www.zentraleaufnahmepruefung.ch

© Bildungsdirektion Kanton Zürich, Aktualisierte Auflage April 2021